# ውድብ ህወሓት ህዝባዊት እንተኾይና

ፍቃዱ ገ/መስቀል fikieg11@yahoo.com መቐለ 01-23-18

ህዝቢ ትግራይእቲ ሃፍታም በዓልብዙሕ ሃፍቲ፣ ምሁር ተመራማሪ ፣ዘራይ ዘይደሊ ጅግና፣ ርሂፁ ዝነብር ዘይሃቡኒ ዘይብል፣ ከይነኽኡዎ ዘይነክእ እንተነኽኡዎ ደም ዘንብዕ፣ ዘይከም ቁፅሩ ነቶም ብቁፅሪ ዝኣምኑ ሓሞት እምበር ቁፅሪ ዋጋ ከምዘይብሉ ብተግባር ዘመስከረ ብሓፈሻ በዓል ብዙሕ ተመኩሮ ዝኾነ ህዝቢንህወሓት ኩሉ ነገራ ኮይኑካብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናብ ቤተመንግስቲ ዘሰጋገራ ጅግና ህዝቢ እዩ፤ አንኮላይ ነቶም **ኲናት ብቴሌቪዥን ዝፈልጡዋ ሰብ መልሓስ ካብ ጥራሕ እግሮኻ ምኻድ ናብ ስልጣን ዘብቀዐ::** እዚ ህዝቢ ኲናት ዝሰልቸዎ፤ ልምዓት ዝናፈቖ ፤ ዋላ ሓንቲ ድምፂ ጥይት ክሰምዕ ዘይደሊ ህዝቢ ድሕሪ ዓወት ኩሉ ነገር ሓዲጉ ዕርፊ ዝሕዝ ዕርፊ ሒዙ ዝምሃር እናተመሃረ ናብ ልምዓት ምስኣተወ ውድብ እውን መንግስቲ መስሪታ ሃገር ምምራሕ ምስተጀመረ ኩነታት ከምቲ ህዝቢ ዝፅበዮ ዝነበረ እናኾነ አይኮነን ዘሎ::ከም ወፅኢቱ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዚያት ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝተፈላለዩ ምትፍናናት እናተፈጠሩ እቲ ሓደ እናተሰዓረ ካብቲ መስመር እናተገለፈ እቲ ካልእ ድማ እናሰዓረን ጉዕዝኡ እናቐፀለን ኣብዚ ሕዚ ዘለናዮ ከይዲ በፂሕና ኣለና::ይኹን እምበር እቲ ፀገም እናሰፈሐን ኣብ ውልቀ ጣጣ ኣመራርሓን ዕንክሊል ኣብ ምባል ደኣ እምበር መነባብሮ ህዝቢ ብዘላቕነት ንምምሕያሽ ስትራተጂካዊ መሪሕነት ዘይህብ ከምዝነበረ ስራሕ ኣፈፃምንማእኸላይ ኮሚቴን ህወሓት ንልዕሊ 35 መዓልትታት ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ኮነ ልዕሊ 2000 ላዕለዎት ኣመራርሓን ልዕሊ 200 ተወከልቲ ኣሓትን ኣጋራትን ውደባት ኣብዝተረኽቡሉ ዝተኻየደ 7ይ ውድባዊ ኮንፈረንስ ስዒቡ ዝተወሃበ መግለፂ እቲ ውድብ ኣብቲ ኣመራርሓ ወድብ ዝነበረ ክፍተት ብግልፂ ብምቕማጥ ውድብ ህወሓት ንህዝበይ በዲለዮህዝበይ ክኽሕስ እየ ስለዝበለትን ህዝቢ ብግብሪ ዝኽሓሰቶ ምኧና ክተርኢ እንተኾይና እዘን ዝስዕባ ተግባራት ምስ እትፍፅም እዩ::

## ስርዓት ምሕደራ

1. ጣብያታት፣ ወረዳታትን ዞባታትን ምምጥጣን ዘለዎ ስፍሓት መሬትን በዝሒ ህዝብን ብዘለዎ ከም ብሓዱሽ ተሸንሺነን ህዝቢ ስሉጥን ወፃእታት ብዝቕንስን ኣገባብ ፍትሒ ፣ ልምዓት፣ ሰናይ ምምሕዳር ወዘተ ዝረኽበሉ ኣገባብ ክትፈጥር ኣለዋ :: "ዓሻ ዝተኸሎ ብልሂ ኣይነቕሎን" ዝብሃል ኣተሓሳሰባ ክተስብር ኣለዋ:: ምኽንያቱ እዘን ሕዚ ዘለዋ ብርክታት ምሕደራ እቲ ቀደም በዝሒ ህዝቢ ውሑድ እናሃለወ፣ ዝተመሃረ ሓይሊ ሰብ ውሑድ እናሃለወ ወዘተ ዝተጣየሻ ደኣ እምበር ምስቲ ሕዚ ዘበን ዝጠልቦ ዘሎ ስርዓት ምሕደራ ህዝቢ ምሕደርኡ ኣብ ቀረባ ክኾነሉ እዩ ዝደሊ ዘሎ:: ስለዚ ኣብ ቀረባ ቅልጡፍ ምሕደራ ክረክብ ኢሉ ዝተቓለሰ ህዝቢ ሕዚ ርሑቕ ክጉዓዝ ዓገብ እዩ:: ስለዚ ፅንዓት መሰረት ዝገበረ ሓዱሽ ድልድል ጣብያታት፣ ወረዳታትን ዞባታትን ክትገብር ኣለዋ::

2. ኣብ ህሉው ኩነታት መሪሕነት ዓድና እንተርኢኻ እቲ ህዝቢ ፍፁም ዘይዓግበሎም ሓይሎም ኣብ መልሓሶምን ኢዶምን ጥራሕ ዝኾኑ እናተሸየሙ ብእግሩ ዝመፀ ፍትሒ ከይረክብ ብኢዱ ዝመፀ ግን ዳርጋ ገዝኡ እናለሃወ ጉዳዩ ዝውድኡ ኣመራርሓ እዮም ዘለዉ ካብ መግለፂ ገምጋም ውድብ ከም ዝተረዳእናዮን ብተግባር ንዕዘቦ ከምዘለናን:: ኣመሓደርቲ ወረዳታት ዓቀይቶት ኮይኖም ንህዝቢ ደም ዘንብዑሉ ኩነታት እዩ ዘሎ ሓደን ክልተን ዘይብሃል ዳርጋ ብትግራይ::ህዝቢ ትግራይ ንብዓት ተተርኢሉ ክነብር እንድሕር ዝደሊ ነይሩ እኮ ምስቶም ዝሓለፉ ገዛእቲ ሽዋ ተስማዕሚዑ ኣሜን ኢሉ ተገዚኡ ክነብር ነይሩ እዩ እንታይ የቃልሶ ወልፊ ምትኳስ ሃልዩዎ እኮ ኣይኮነን ተቓሊሱ:: ናይ ሕዚ መራሕቱ ግን ካብዚ ከድሕንዎ ኣይከኣሉን::ስለዚ ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ንዘለዋ መሓውራት መንግስቲ ዝመርሑ ኣካላት ዓቕሚ ዘለዎም፣ ህዝባዊ ተቐባልነት ዘለዎም፣ ብስነ-ምግባሮም ምስጉናት ዝኾኑ ወዘተ ምስ ምሁራትን ዓበይቲ ዓድን ብምምኽኻር ኩነታት ተሸያሚ ብግልፂ ተፈሊጡ ክትሸይም ኣለዋ:: ስልጣን ንህዝቢ ክተገልግለሉ እምበር ንባዕልኻ ክትግልገለሉ ዘይግባእ ህዝባዊ ሓላፍነት ምዃኑ ዝተረደኦም መራሕቲ ትጠልብ ኣላ ትግራይ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት::

3. ቤት ምኽሪ ንኩሎም ፈፀምቲ ኣካላት ይመርሕ እምበር ብፈፃሚ ኣካል ዝቐርበሉ ሓሳብ መፅደቒ ጥራሕ ክኸውን የብሉን፤ ብተግባር ኣብ ዓድና ዘሎ ቤት ምኽሪ ግን ትሕቲ እቲ ፈፃሚ ኣካል ዝኾነ ዓቕሚ ኣፈፃፅማ እዩ ዘለዎ:: ስለዚ ህወሓት ልዕልና ኣብያተ ምኽሪ ክተረጋግፅ ኣለዋ፤ እዙይ እንተገይራ ጥራሕ እዩ ልዕልና ህዝቢ ብምርግጋፅ በዓል ዋና ስልጣን ህዝቢ ምዃኑ ዝፍለጥ::

4. ህልው ስርዓት ምሕደራ ክልልና እንትንርኢ ዞባታት ኣብ ፖለቲካውን ወድባውን ስራሕቲ ጥራሕ እየን ተሓፂረንዝርከባ:: ወረዳታት ንህዝቢ ከም ድሌቶም ቸቸ ዝብሉሉ ኩነታት ስለዘሎ ነዚ መንገዲ ስርዓት ክሕዝ ምእንቲ ዞባ ንጡፍ (Active) ኮይኑ መንግሰታዊ ስራሕቲ ( ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ሕርሻ፣ መስኖ፣ ኮንስትራክሽንን መግዓዝያን፣ ንግዲ፣ ሲቪል ሰርቪስ ወዘተ) ልክዕ ከምቲ ኣብ ፖሊስ፣ ፍትሒ ዘሎ ዝፍፀመሉ መንግስታዊ መሓውር እንተዝኸውንን ብዞባ ደረጃ ቤት ምኽሪ ንክህሉን ዝፈቕድ ኣሰራርሓ ክተክል ኣለዋ::

## ኢኮኖምን መሰረተ ልምዓትን

1. ኣብ ዞባታት ደቡብ (ጎልጎል ራያ) ፣ ክፋል ሰሜን ምዕራብን ምዕራብን ዘሎ ሰፊሕ ድንግል መሬት ካብ ንህዝቢ ትግራይ ሓሊፉ ብዘይ ምግናን ንህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪካ ምሉእ ክቕልብ ዝኽእል ምህርቲ ከፍሪ ዝኽእል መሬት እዩ:: ስለዚ እዚ ከባቢ እዚ ምስቲ ንመፍረያይነት ሕርሻ ዘለዎ ምቹውነት ነቲ ከባቢ ዝምቹ ፖሊሲን ስትራተጅን ተዳልዩ ኣብ ክልልና ዘሎ ጉልበትን ፍልጠትን ተጠቒምካ ኣብ ሓፂር ግዘ ናብ ረብሓ ምቕያር ህዝቢ ካብ ድራዕ ካልኦት ክድሕን እንተሰሪሓ ህወሓት ኮነ መንግስቲ ትግራይ እቲ ክሳብ ሕዚ ዝፈጠረቶ ፀገም ከብቅዕ እንተገይራን ዓብዪ ነገር እዩ:: እዙይ እንተዘይተገይሩ ግን ኣብተን ንዘመናት ብዘይ ዕረፍቲ ተሓሪሰን ዝተበልዓ ከበሳታትን ሓውሲ ከበሳታትን ዘሎ ውሱን ተሓራሲ መሬት ለይትን ቀትርን ዋላ እኳ እንተሰራሕና ዝመፅእ እዙይ ዝብሃል ለውጢ የለን:: ስለዚ ውድብ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ይቑርቆር እየ እትብል እንተኾይና እዙይ ክተተግብር ኣለዋ::

2. ምስፍሕፋሕ ኢንዱስትሪ ክልልና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክሰጋገር ትእምት ፋሕጠርጠር ይብል እኳ እንተሃለወ ኣብ መነባብሮ እቲ ህዝቢ ግንፍዑም ለውጢ ክምፅእ ኣይከኣለን:: ህዝቢ እቲ ዝብህን ዝነበረ ምስፍሕፋሕ ኢንዱስትሪን ዝተተለመ ስግግር ሕርሻ ናብ ኢንዱስትሪ ክገሃድ ኣይከኣለን::ነዚዑይ ከም ቀንዲ ምኽንያት ዝለዓልትእምት ኣብ ትግራይ ካልእ በዓል ሃፍቲከይኣቱ ኣብቲ ክልል ዘሎ ኢንዳሰርትርያላይዜሽን ባዕለይ ክውግኖ እየ ስለእትብል ብዙሓት መርኣያታት ኣለዉ:: ካልእትካላት ትእምት ንዝለዓለ ምጥፍፋእ ዝተቓለዓ እየን ስለዝብሃልን እቲ ሓቂ እውን ንሱ ስለዝኾነን እዩ:: ዋንነተን ናይ ህዝቢ ትግራይ ከም ዘይኮና ህዝቢ ብዝትፈላለዩ መንገድታት ይገልፅ::“ትእምት ማሕበራዊ ፀገማት ንምፍታሕ ክሳብ ሕዚ ልዕሊ 2.6 ቢልዮን ብር ወፃኢ ገይራ” ይብል ጋዜጣ መቓልሕ ሕታም 30 ታሕሳስ 2010 ዓ.ም ኣብ ተገባር እንተውዒሉስያ:: ግን መሰቦ ሰሚንቶ ፋብሪካ፣ ትራንስ ኢትዮጵያ፣ ሱር ኮንስትራክሽን፣መስፍን ኢንዳስትርያል ኢንጅነሪንግ፣ ኢዛና መዓድን፣ ብሩህ ተስፋ፣ ኣበርገለ ዓለም ለኸ ትካል ሕርዲ፣ ኣዲስ መድሃኒት ፋብሪካ፣ ማይጨው ችፑድ ፋብሪካ፣ ኣልመዳ ፋብሪካ ዓለባ፣ ሳባ እምነበረድ ፋብሪካ፣ ህይወት ሕርሻ መካናይዜሽንን ካልኦት ትካላትን ሒዙ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ገንዘብ ምሕጋዙ ከም መጀሃሪ ክውሰድ የብሉን:: እዚ ካልእ ጉዳይ ኮይኑ ትእምት እዚ ዝነበረ ክፍተት ተዓፅዩ ህዝቢ ዝደልዮ ልምዓት ክረክብ እንተኾይኑ ህወሓት ኣብዘን ትካላት ካብ 40-50% ብፅሒት ዝሕዙ ውልቀ ሰባት፣ ውዳበታት፣ ወዘተ ዝኾኑ ሰብ ብፅሒት (Shareholders)ክኣትዉ ክትፈቅድ ኣለዋ::ምኽንያቱ ስርዓት ቁፅፅር ፋይናንስ ክመሓየሽን ተጠቃምነት ህዝቢ ትግራይ ክረጋገፅስለዝሕግዝ:: እዚ ድማ ዝበለፀ እናሰፍሓ መንእሰይ ዕድል ስራሕ እናተፈጠረሉን ክነብር ምእንቲ:: እዚ እንተዘይተገይሩ ግን ናይ ትግራይ ህዝቢ እየን ምባል ኣይከኣልን:: ንኣብነት ሓደ ንእስተይ ጋራዥ ዝነበረቶ በዓል ውልቀ ሃፍቲ ድሕሪ ሒደት ዓመታት ዓብዪ ፋብሪካ እንትተክል ዓብይቲ ፋብሪካታት ዝተኸለ ትእምት ግን ኩሉ ግዘ ኣብ ዕዳ እየ ዘለኹ፣ ሓደጋ ሞተ ዘንፀላወን ትካላት ኣለዋና፣ ከሰርና ዝብሉ መርድእ ዝኾኑ ብኽያታት ካብ ምንዛሕ ሓሊፉ ክሳብ ሕዚ እዚኣ እትብሃል ረብሓ ኣየምፅኣን፤ ስለዚ ብዕምቆት ምሕዳስ ኣብ ትካላት ትእምት ይተኣታቶ::

3. ኣብ ትግራይ ብርክት ዝበሉ መሰረተ ልምዓታት ይሰርሑ ኣለዉ፤ ኣብነት መንገዲ ማይ፣ መብራህቲ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ትካላት ጥዕና ወዘተ ይኹን እምበር ኣብዞም ትካላት ዘሎ ጉድለት ፅሬት ኮነ ፕሮጀክትታት ብገዚኡ ዘይምውዳእ ዓብዪ ፀገም እዩ:: ንኣብነት:-

ሀ. ህንፀት ግድባት መስኖ በቲ ዝተቐመጠሎም ግዘ ኮነ ፅሬት ኣይኮኑን ዝስርሑ ዘለዉ:: መብዛሕተኦም ይዘርቁ፣ ልዕሊ ዝተቐመጠሎም በጀት በሊዖም ናብ ተግባር ከይኣተዉ ይተርፉ:: ንኣብነት ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ወጀራት ከባቢ ዓዲቀይሕ ዝተስርሐ ንመስኖ ዝውዕል ዓብዪ ግድብ፣ ኣብ ከባቢ ኣፅቢ ወንበርታ ዝተስርሐ ግድብ ምንም ረብሓ ከይሃቡ ሓመድ እውን ክቛፅሩ ዘይኽእሉ ናብ ዘረቑቲ ሆረየታት ዝተቐየሩ ግድባት ንምንታይ ከምዘጋጠመ? ፣ ቀፃሊ ዕድል እዞም ግድባት፣ ከምዙይ ከየጋጠም ክግበር ዝግበኦ ጥንቃቐ ወዘተ ብኣግባቡ ክፍተሽ ኣለዎ:: ከምዙይ ዓይነት ሓላፍነት ዝጎደሎ ተግባር ንዝፍፅሙ ኣመራርሓን ሰብ ሞያን እውን ካብ ተግባሮም ክመሃሩን ክትሰርሕ ኣለዋ ህወሓት::

ለ. ኣብ ህንፀት መንገድታት ዘሎ ጉድለት ፅሬትን ምዝንጋዕን ክርአ ዘለዎ ጉዳይ እዩ:: ኣብነት ኣካል መንገዲ መቐለ - ዓብዪ ዓዲ- ዓድዋ ዝኾነ ካብ እንዳማርያም ክሳብ ቀልቀል ወርዒ ዘሎ ብሱር ኮንስትራክሽን ዝተሰርሐ ዘለዎ ጉድለት ፅሬት፣ ካብ መቐለ ክሳብ እንዳማርያም ዘሎ ብመከላከልያ ኮንስትራክሽን ዝተሰርሐ ብተነፃፃሪ ዝሓሸ እኳ እንተኾነ ዘለዎ ጉድለት ፅሬት ፣ ካብ ቀልቀል ወርዒ ክሳብ ከተማ ዓድዋ ብስራሕ ተቐራፂ ኣለማዮህ ከተማ ኣብ ከይዲ ስራሕ እናሃለወ ዝተጓዘየ መንገድን ሕዚ እውን በዓል ዋና ዘይብሉን፣ ካብ ሕዋነ- መኾኒ- ኣላማጣ ብናይ ቻይና ዝተሰርሐ ዝቐሰለ ኣድጊ ዝመስል መንገዲ፣ ካብ ሽረ ተበጊሱ ብእንዳባጉና ኣቢሉ ናብ ጎንደር ዝኸይድ መንገዲ ድልድል ሩባ ተከዘ ከይተፈፀመ ጠጠው ዝበለሉ ወዘተ ምኽንያታት ብእርይ ቁፅሪ ኣፅኒዕኻ መፍትሒ ምቕማጥን ንቀፃሊ ከምዙይ ዓይነት ተግባር ከይድገም ምስራሕን::

ሐ. መስተ ማይ ከተማታት ትግራይ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት እዩ ዘሎ::እዚ ኩነታት ከምቲ ስልጣን ንምርካብ ልመዲ ሓሶት ዘለዎም ሰባት ዝበሉዎ ኣይኮነን::ኣብ ከተማታት መስመር ማይ ምዝርጋሕ ወይ ገንእታት ማይ ምህናፅ ብመሰረቱ ሕብረተሰብ ተጠቃማይ ፅሩይ መስተ ማይ ኮይኑ ማለት ኣይኮነን:: ስለዚ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት እተን ሽፋን መስተ ማየን ክንደዙይ ሚኢታዊ በፂሑ ዝብሃላ ከተማታት መስመርን ገንእን ዘለወን እምበር ማይ ግን ወይከ:: ንኣብነት ከተማታት መቐለ፣ ሽረ፣ ኣኽሱም፣ ዓብዪ ዓዲ፣ ሓውዜን፣ ሳምረ፣ ሽራሮ፣ ዓዲ ረመፅ፣ ሃገረሰላም፣ ውቕሮ፣ ዓድዋ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ወዘተ ዘለወን ኩነታት ማንም ዝፈልጦ ሓቂ እዩ:: ስለዚ ኣብዚ ዙርያ እናተባረዩ ንህዝቢ ብሓሶት ፅሩይ ማይ ሰትዩ ዝብሉ ዝነበሩ ሰባት ብሕጊ ተሓተትቲ እናገበረት እቲ ዘሎ ወድዓዊ ፀገም ንምፍታሕ ምስ ህዝቢ ብምዝታይ ቅልጡፍ መፍትሕታት ምቕማጥ ከድልያ እዩ::

መ. መብራህቲ እኳ እንታይ ክፅወዮ ኣብ ትግራይ ብርክት ዝበሉ ዝተዘርግሑ መስመራት ኣለዉ:: ይኹን እምበር ካብ መሕደሪ ኣፅዋፍን ሓሊፉ ካልእ ዝሃቦ ረብሓ የለን:: “ናይ ትግራይ ከፍቲ እኮ ብመብራህቲ እየን ዝበልዓ፤ ኣብ ደንበአን እኮ ከይፅልምተን መብራህቲ ኣለወን” ዝብል ወረ ሓይልታትፀረ ህዝቢ ትግራይ መራጎዲ ንላዕሊ ኣብ ሕድሕድ ሰዓት መብራህቲ ከይጠፍአሉ ዝሓድር መዓልቲ የለን:: ኣብ ኢትዮጵያ ዝለዓለ መርገም ካብ ዘበፅሖም ትካላት ሓይሊ መብራህቲ እዩ እንተተበሃለ ምግናን እዩ:: ስለዚ እዚ ከምዙይ ዝበለ ክፍተት ውድብ ምስ ማእኸላይ መንገዲ ብምትሕብባርክትኣልዮን ተሓታትነት ክትገብረሉን ይግባእ::

ረ. ኣብ መዳይ ትምህርቲ ህንፃታት ኣብ ምህናፅን በዝሒ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ምውሳኽን ነዊሕ ርሕቐት ተጓዒዙ እዩ:: እዚ ፅቡቕ ክያዶ ኮይኑ ኣብ መዳይ ፅሬቱ ግን ብጣዕሚ ዘሰክፍን ንድሕሪት ከም ሽንቲ ግመል ዝተመለሰሉን ኩነታት እዩ ዘሎ:: ንኣብነት ካብ 1998 ክሳብ 2001 ዓ.ም ኣብ ዞባ ምብራቕ፣ ወረዳ ሓውዜን፣ ጣብያ ድጉም እትርከብ ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ድጉም ሞዴል ተባሂላ ካብ ተራ ታሕተዋይ ካድረ ክሳብ ላዕለዎት መራሕቲ መንግስቲ ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር ሃገርና ዝነበሩ ኣይተ መለስ ዜናዊ ሓዊሱ ዓለም ለኻዊ ትካላት ሞደልነት እታ ቤት ትምህርቲ ንምዕዛብ ናብታ ቤት ትምህርቲ ጎሪፎምን ብብርኽርታ መልክዕን ውሱና ተምሃሮ ከም ፓሮት ይደጋግሙወን ብዝነበሩ መዝሙራትን ቃላት እንግሊዝኛ ተታሊሎም::እታ ቤት ትምህርቲ ድማ ብርክት ዝበሉ ሃገራውን ዓለም ለኻውን ሽልማት ክትረክብ ክኢላ እያ:: ነታ ቤት ትምህርቲ

ብርእሰ መምህርነት ይመርሑ ዝነበሩ ውልቀ ሰብ ፀብልታ አለዎም ተባሂሉ ሽመት መንግስቲ ተቖናጢጦም፤ ሳላ እዚኦ ዝገበሩ ካብ ምስ ተምሃሮ ምውዓል ተገላጊሎም:: ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ሃገርና ክብሃል ብዝኽእል ነዛ ቤት ትምህርቲ መርኣያ ገይርክን ስርሓ ተባሂለን ንዓአ ምኽታልን ምንሕናሕን ጀሚረን::ሞዴልነት እታ ቤት ትምህርቲ እውን ድሕሪ እቶም ሓላፊኦ ዝነበሩ ሰብኣይ ምሻሞም ዋላ ንሓንቲ ወርሒ እውን ክትቅፅል ኣይከኣለትን:: ካልኦት ብዙሓት ቀለም ብምቕባእ ፀብለልታ ዘለወን ኣብያተ ትምህርቲ ተፈጢረን:: ንሳ ኣብነት ኮይና ድማ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ስእሊ ዝሰኣለ፣ ተኽሊ ተኺሉ ዝኾስኮሰ፣ ኣብ ማእኸል ትምህርቲ ስእሊ ንምስኣል ዝተመላለሰ፣ ሓፁር ቤት ትምህርቲ ዝፀገነ፣ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዝወዓለ፣ ወረዳ እንትመፁ ቡን ዘፍለሐት፣ ወዘተ ሞዴል እናተበሃላክሽለማን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ከምዙይ ዝገብራ ኣብያ ትምህርትን ርእሰ መምህራንን ናብ ሓላፍነት እንትመፁ ነቶም ስርሖም ብኣግባቡ ዝፈልጡ መምህራን ክነቅፍን ከሸቑሩሩን እንትሰርሑ እቲ መፅሓፍ ሒዙ ንተምሃሮ ቀለም ከቕስም ዝፅዕር ሃርኳትን በዓል ብዙሕ ተመኩሮን መምህር ሞይኡ ክፀልእገበሩዎ:: ትምህርቲ ትምህርቲ ምኻኑ ተሪፉ ካብ ስሩዕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ናብ ምምልኻዕ (Cosmetics) ተቐየረ:: ውድቀት ፅሬት ትምህርቲ ከምዙይ ኢሉ እዩ እምበኣር መጺኡ:: እዙይ ክብል ከለኹ እዙይ ሓደ መበገሲ እምበር እዙይ ጥራሕ እዩ ምኽንያት ማለተይ ኣይኮነን:: ስለዚ ነዚ ከምዚ ዝበለ ፀረ ልምዓትን መንገዲ ወድቀትን ዝኾነ ኣተሓሳስባ ህወሓት ህዝባ ሒዛ ክትፈትሖን ቀፃሊ ኣንፈታት ክተቐምጥን ኣለዋ::

ሰ. ጥዕና ዝምልከት ብዙሕ ርሕቐት ዝተኸየደ እኳ እንተኾነ ሕዚ እውን ግን ሰፊሕቲ ክፍተታት ስለዘለዉ ምትዕርራይ ክግበር ኣለዎ:: ንኣብነት ኣብ ኣጠቓቕማ ኣምቡላንስ እንተርኢና ብዙሕ ወፃኢ ወፂኡወን ዝተገዝኣ ኣምቡላንስ ልምዲ፣ ተመኩሮን ትዕግስትን ብዘይብሎም ቁፅሮመ ዘይነዓቑ ኣሽከርከርቲ ሓደጋ ይበፅሕ፤ ካልእ ኣምቡላንስ ኣብ ኻደ ሓደ ገጠር ከባብታት ካብ ዝተዓመለን ዕላማ ወፃኢ ካልእ ስራሕ ናይ ወልቀ ስራሕ ከም ዝሰርሑለን እዩ ዝዝረብ፤ ስለዚ እዚ ተግባር መፍትሒ ክረክብ ኣለዎ:: ኣብ ብዙሕ ከባብታት ቀረብ መድሓኒት ከም ዝሓፅርን ሰኣን ቀረብ መድሓኒት ዝበፅሕ ምንግልታዕ ተገልገልቲ ከም ዘሎ ብጭቡጥ ዝፍለጥ ሓቂ እዩ::ሕፅረት ሰብ ሞያ ብፍላይ ኣብ ርሕቕ ዝበላ ቦታታት ዓብዪ ማሕንቖ እዩ:: ስለዚ ናብ ከምዚ ዝበሉ ከባብታት ዝምደቡ ሰባት እቲ ዝሰርሑሉ ከባቢ ምቹው ብምግባር እዋን ፃንሒቶም ክነውሕ ምግባር ስለዝግባእ ውድብ ነዚ ሓላፍነት ስራሕ እትሽሞም በዓል  መዚ መሃዛይን በዓል ተመኩሮን ክኸወነ ኣለዎ::

ሸ. "ዜጋታት ሓንቲ ዓዲ ዝበልዑዎ፣ ዝኽደኑዎ ዝነብሩሉ መንበሪ ገዛን እንተዘይሃልዩዎም ሃገር ዋላ ትልማዕ ወይ ትጥፋእ እንታዮም ኣይኮነትን" ከም ኣበሃህላ ገብረሂወት ባይከዳኝ::  ኣብዚ ከልዕሎ ዝደለኹ ዋና ነገር መንበሪ ገዛ መሰረታዊ ድሌት ምኻኑ ተሪፉ እንተደልዮም ተኻርዮም ይንበሩ እንተደልዮም ድማ ኣብ ጎደና ይሕደሩ ዝዓይነቱ ኣካይዳ እዩ ዝኽየድ ዘሎ:: እቲ መንእሰይ ብሰላም ኣትዩ ክወፀሉ ዝኽእል ባዕሉ ዝውንኖ ንመንበሪ ዝኸውን ገዛ እንተዘይሃልዩዎ (ማይ ኣፍሲስካ፣ ገዛ ክራይ ወስኽ፣ ቆልዑ ረብሾምና፣ ጋሻ ተብዝሕ ኣለኻ፣ ኣምሲኻ ኣቲኻ፣ ንምንታይ በጊዕ ዘይትገዝእ ጤል ገዚእኻ ዘለዎም ውቃበ ንምጥባር ወዘተ) ዝበሉ መደርዒ ቃላት መካረይቱ በብመዓልቱ ይውሕዘሉ እሞ ገዝኡ ፀሊኡ ከም በዓቲ ዝሪኦሉ ኩነታት ይፍጠር፤ እዚ ፀገም ኣብ ኩሉ ከባብታት ኣሎ ኣብ ከተማ መቐለ ድማ ብፍሉይ ገኒኑ ይርአ:: እዚ ኩነታት ክፍጠር ዝኽኣለ ግን ኣብ ሰልጣን

ዘሎ መንግስቲ መሬት ንመንበሪ ክዕድል ብዘይ ምኽኣሉን ህንፀት መንበሪ ኣባይቲ ቀፃልነት ክህልዎ ብዘይምኽኣሉን፣ ከተማታት ብተነፃፃሪ ዝሓሸ መነባብሮ ኣለወን ተባሂሉ ስለዝሕሰብ ፍልሰት ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብዝለዓለ ደረጃ ስለዝወሰኸ፣ ኣብ ከተማታት ዘለዉ ገዛውቲ ናይ ውሱናት ኣብቲ ከተማ ዝፀንሑ ሰባት ስለዝኾኑ እንተደልዮም የካርዩ እንተዘይደልዮም ይዓፅዉዎ፤እዚኦምን ካልኦት ሽግራትን ብዝፈጠሩዎ ኣጋጣሚ ኩነታት መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ዓብዪ ሓደጋ ወዲቑ:: **ኣብዚ ክርአ ዘለዎ ግን እቶም ኣብ ስልጣን መንግስቲ ዘለዉን ካልኦት ናቶም ሓሻኽርን ናይ ባዕሎም ገዛ ዘለዎም፣ ወርሓዊ ናይ ገዛ ክራይ ክፍሊት ዝኸፈሎም ወይ ኣብ ናይ መንግስቲ ገዛውቲ ካብ 120 ክሳብ 200 ቅርሺ ወርሓዊ ክፍሊት እናኸፈሉ ዝነብሩ ስለዝኾኑ እቲ ኣብ ህዝቢ ዘሎ ስቓይ ኣይስቓዮምን:: ዋላ ናይ ባዕሎም ገዛ ሰሪሖም እናሃለዉ ናይ ባዕሎም ኣካርዮም ኣብ ናይ መንግስቲ ገዛ ዝነብሩ፣ ክፍሊት ክራይ ገዛ ዝወስዱ ወዘተ ሓለፍቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃ መሪሕነት ከምዘለዉ ዝፍለጥ እዩ::ካብዚ ዝዓቢ ኣካብነት ክራይ ዘሎ መሲሉ ኣይስመዓንን::** መንግስቲ ትግራይ ሽፋን ሚድያ ንምርካብ ኢሉ ኣብ 2009 ዓ.ም ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን መንበሪ ኣባይቲ ንምስራሕ ማሕበራት ወዲቡ ዕደላ መሬት ብሃይሃይታ ኣካይዱ:: እዙይ ፅቡቕ ጅማሮ እኳ እንተነበረ መንግስቲ ኣባላት ማሕበራት ባዕሎም ህንፀት ኣካይዶም ፀገም መንበሪ ኣባይቶም ክይፈትሑ ግን ባዕለይ ውዕል ኣእሲረ ኣብዝሓፀረ ግዘ ከስርሓልኩም እየ፣ ብናይ ባዕለይ ወፃኢ ኮንሳልታንት ክቐፅረልኩም እየ፣ ስሚንቶን ብረትን ጉና ንክልተ ዓመት ብዘይ ምንም ዓይነት ወሰኽ ዋጋ ከቕርብ ውዕል ኣሲረልኩም ኣለኹ፣ ቀረብ ከባብያዊ ማተርያል ካብ መቕረብቲ ማሕበራት ከቕርቡልኩም ዋጋ ተኺለ ውዕል ኣሲረ ኣለኹ፣ማይ ከቕርብ እየ፣ ውሽጢ ንውሽጢ መንገዲ ክሰርሓልኩም እየ ወዘተ ብዝብሉ ኣብ ተግባር ግን ፈፂምካ ክትረኽቦም ዘይትኽእል ዘረባታት ብምትላል ማሕበራት መንግስቲ ምስ ዘቕረቦም ስራሕ ተቛሪፀቲ ወዕሊ ክኣስራ ተገይሩ:: እቲ ስራሕ ከምዘይጅመር የለን ተጀሚሩ:: ይኹን እምበር ክቕፅል ኣይከኣለን፤ እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት መንግስቲ እተን ክገብረን እየ ዝበለን ነገራት ክገብር ብዘይ ምኽኣሉ፤ ስራሕ ተቛረፅቲ እውን ነዚ ተበሊፆም **"ገንዘብ ብዙሕ ብላዕ ሓው ብዙሕ ኣይትውቃዕ"** ዝብሃል ምስላ ገንዘብ ማሕበራት ሒዞም ክጠፍኡ፣ ኣብ መንጎ ማሕበራትን ኮንትራክተራትን ዘሎ ረኽቢ ናብ ዝለዓለ ስሓቦ ስደዶ ከምርሕ ገይሩዎ እዩ:: ኣብ ወረቐት ዝወፀ ንድፊ እቶም ገዛውቲ ኣብ መሬት ወሪድካ ከስርሑ ዘይኽእሉ ፕላን ብምቕራቡ ምኽንያት ብዙሕ ግዜ ዲዛይን ምልውዋጥ ካልእ ዓብዪ ፀገም እዩ:: ኣብዚ ነቲ ፀገም ክፍጠር ቀንዲ መበገሲ ዝኾኑ ቢሮ ልምዓት ከተማ ንግድን ኢንዱስትርን ክልል ትግራይ፣ ቢሮ ኮንስትራክሽንን መጓዓዝያን ክልል ትግራይ፣ ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ ክልል ትግራይ፣ ጉና ስራሕቲ ንግዲ ፣ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ ማይ ከተማ መቐለ፣ ምምሕዳር ከተማ መቐለን ካልኦት መድረግቲ ኣካላትን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዘይፀደቐ ውዕሊ እናእሰሩ ማሕበራት ናብ ዝለዓለ ክሳራ ክኣትዋ ዝገበሩ እዮም:: እዙይ ካብቶም ጠንቂ ሰናይ ምምሕዳር ዝብሃሉ ሓደ እዩ::ምኽንያቱ ኣባላት ማሕበራት ገሊኦም ካብ ውልቀ ሰብ፣ ገሊኦም ካብ ቤተሰብ፣ መብዛሕትኦም ካብ ደደቢትን ኣደዳይን ማይክሮ ፋይናንስ ብዝለዓለ ወለድ 315 ዓማውቲ ብዝኸፈል ወርሓዊ ዕዳ እዩ ኣብዘን ማሕበራት ተወዲቡ ዘሎ:: ወርሓዊ ዕዳ እናኸፈልካ፣ ገዛ ክራይ እናኸፈልካ ገዛ እውን ኣይተሰርሐ ኮንቱ ዝኾነ ነገር ኣሎ:: ካልእ እቲ ገዛ ብሓባር ደጋዊ ገፅትኡ ንረኣያይ ብዝጥዕም መልክዑ ምስ ተወደኣን ቀለም ቀቢእኻን ኢኹም እተካፈሉዎ ዝብል ናይ ረኣዩልና ተግባር ክሰርሑ ዝደልዩ ኣመራርሓ ስለዘለዉ ካልእ ተወሳኺ ጭንቂ

እዩ:: ስለዚ ኣብዚ ዘሎ ዘሰክፍ ኩነታት ውድብ ህወሓት ኣካል እቲ እተካይዶ ዘላ ተሃድሶ ገይራ ክትፍትሾ፣ መፍትሒ ክተቕምጠሉን ተሓታትነት ክትገብረሉን እንተዘይክኢላ ዓብዪ ሓደጋ እዩ:: ትኹረት ዘድልዮ ጉዳይ እዩ::

## ፖሊቲካ

1. ኣብ ትሕቲ ወደብ ህወሓት ዘለዋ ኣመራርሓ ክፈርዩለን ተባሂለን ዝተጣየሻ ውዳበታት ማለት ሊግ መናእሰይን ሊግ ደቂ ኣንስትዮን ከምቲ ዝተጣየሻሉ ዕላማ ኣይኮነን ዘሎ ኣፈፃፅመአን:: ምኽንያቱ ኣብዘን ቦታት እዚአን ብመሪሕነት ደረጃ ዝሸየሙ ሰባት ንባዕሎም ዓቕሚ ዘይብሎም ኣብ ካልኦት ተንጠልጢልካ ምዝራብ፣ እከለ ከምዙይ በለ፣ ወሲድናያ ኣለና፣ ክንፍትሻ ኢና ወዘተ ዝብሉ እምበር ኣነ ዝመርሖ ዘለኹ ክንፈ ወድብ ፅባሕ ንጉሆ መራሕቲ ሃገር ዝኾኑ ፖለቲከኛታት ዝፈርዩሉ ትካል እዩ ኢሎም ፍፁም ክሓስቡ ዘይኽእሉ ሓንጎሎም ኮነ አእዛኖም ዝሰብሐ ሰባት እዮም:: ባህሊ ንባቦምን ንነገራት ኣድቂቕካ ብምርኣይ እዙይ ረብሓ ወይ ሳዕቤን ክህልዎ እዩ ኢሎም ከስተንትኑ ዘይኽእሉ እዮም:: ስለዚ እዘን ውዳበታት እዚአን ቅኑዓት፣ መሰተውዐልቲ፣ ከስተንትኑ ዝኽእሉ፣ ባህሊ ንባብ ዘለዎም ወይ መፅሓፍ ዘይፈርሑ ኣመራርሓ እንተተሸይሞምለንእቲ ዝተጣየሻሉ ዕላማ ዕዉት እናኾነ መራሕቲ ዓዲ ዝኾኑ በላሕቲ መናእሰይ ክፍርዩን ውድብ ብዕቱብ ክትሰርሕ ኣለዋ:: ስሒልካዮ ዘይበልሕ መራሒ ከም ስሒልካዮ ዘይበልሕ ካራእዩ:: ስለዚ ካብ መጀመርይኡ ክስሕሉ ኮነ ክሰሓሉ ዘይኽእሉ ልስሉሳት ዘረግቲ ጭረኦም ናብዚ መሓውር ክኣትው የብሎምን:: ውድብ ነዚኦም ሒዘ ክቕፅል እየ እንተይላ ገን ኩሉ ግዘ ኣብ ዓሚቕ ተሃድሶ ኣኼባ ብዘይ ምንም መፍትሒ ክትነብር እያ:: ስለዚ ድሌትን ዓቕምን ዘለዎም መናእሰይ ናብዚ መሓውር ተፀግዕ::

2. ቁፅሪ ህዝቢ ትግራይ ከባቢ 6 ሚልዮን በፂሑ ኣሎ:: ካብዚ ጠቕላላ ህዝቢ ከባቢ 740 ሽሕ ኣባላት ውድብ እዮም፤ ገሊኦም ንመምስሒ ገሊኦም ንካልእ ውሱናት ድማ ህዝቢ ንምግልጋል:: ስለዚ ወደብ ህወሓት ካብዞም ኣለውኒ እትብሎም ኣባላታ ዝመፀላ ሓሳብ ጥራሕ እምበር እቲ ኣብዛሓ ህዝቢ ትግራይ እንታይይብል ከምዘሎ? ኣብ እንታይ ኩነታት ከምዘሎ? ውግንንኡ ንመን እዩ? ንቀፃሊ እንታይዓይነት ኣካይዳ ክንከይድ ኣለና? ዝብል ምስቲ ህዝቢ ልቢ ንልቢ ምዝርራብ ካብ እትሓድጎ ልዕሊ 26 ዓማወቲ ኮይኑ ኣሎ::እዚ ዝፈጠሮ ድማህዝቢ ምስ ኮስኲሱ ዘዕበያ ውድቡ ከብድን ሕቖን ክኸውን ክኢሉ እዩ:: ሕዚ ህወሓት ክትገብሮ ዝግባእ ግን ብሰሩ እቶም ናብታ ወድብ ዝፅግዑ ዘለዉ ኣባላት ድሕንነትን ቀፃልነትን እታ ውደብ ንምሕላው፣ ህዝባውነታ ሓልያ ንክትከይድ ድዮም ዝሰርሑ ዘለዉ ዝብል ብዕምቆት ብምርኣይ ኣብ በዝሒ ከይኮነስ ኣብ ፅሬት ኣባላታ እንተተኩር:: ካልእ ካብቶም ውሱናት ካድረታታ ህዝቢ ትግራይ ስለዝበዝሕ ህሉው ኩነታት ሃገርና፣ ውድብ ህወሓት፣ ክልልና ትግራይ፣ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ብፍላይ ምስ ህዝባ ኣብ እምኒ ኮፍ ኢላ ክትመክርን ሰምዒታት ህዝቢ፣ ሕቶታት ህዝቢ ሰሚዓ እቲ ህዝቢ ባዕሉ መፍትሒ ከቕምጠሉ ክትገብር ኣለዋ:: ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓማውቲ ዝነበረ ንሕና

ንፈልጠልካ ዝብል ኣተሓሳሰባ ከም ዘየዋፅእ ብተግባር ተራእዩ ኣሎ:: እዙይ ክግበር እንተዘይክኢሉ ግን ህዝቢ ክንደይ ግዘ ንውድብ ዕድል ክህብ::

3. ምስ ኣሓት ኮነ ኣጋራት ወድባት ዘለና ርክብ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ብዘይጎድእ፣ ህዝቢ ትግራይ ንኢትዮጵያ ሕልፊ ከፊሉ እምበር ሕልፊ ጥቕሚ ከምዘይደለየ ቁልጭ ኣቢልካ ናይ ምርዳእ ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ:: ኣብ ክልልና ብዝፍጠር ናይ ሓሶት ርኣዩልና ስምዑልና ፀብፃብ ተበጊሶም ፀረ-ሰላም ሓይልታት ኮኑ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ መሓዙት ውድባት ንህዝቢ ትግራይ ከም ሕልፊ ተጠቃሚ ጌርካ ፖለቲካ ምስባኽን ክፅላእ ምግባር ጠጠው ከብላን ከምዙይ ገይሮም ክፍተት ንዝፈጥሩልና ናይ ውሽጢ ሰበ ስልጣን ክትእርም ኣለዋ:: ምኽንያቱ ሽፋን ትምህርቲ ክልልና፣ ሽፋን መስተ ማይ፣ ምህርቲ ሕርሻ፣ ኩነታት ጥዕና፣ ዝርገሐ መስኖ ፣ ዝርግሐ መብራህቲ ወዘተ ክልልና ክንድዙይ በፂሑ ዝብል ኣብ መሬት ፈፂሙ ክርከብ ዘይኽእል ፀብፃብ ባዕልና ብዝኣመንናሉ ቁፅሪ ሒዞም ሓይልታት ትምክሕቲ ትግራዋይ ሐልፊ ተጠቃሚ ኮይኑ እናበሉ ክዝምሩ ንገብር ኣለና፤ ስለዚ ወድብ ህወሓት ነዞም ከምዙይ ዝገብሩ ሰባት ዝግባእ ስጎምቲ ክወስድ እንተዘየ ክኢሉ ፅባሕ ናብቲ ዓዘቕቲ ሒዞመና ከምዝኣትዉ ፍፁም ኣየጠራጥርን::

4. 1990- 1992 ኣብ መንጎ ኣሕዋት ህዝብታት ዝተኻየደ ፍፁም ደማዊ ኩናት ስዒቡ ዘሎ ፖሊሲ ኣይኩናት ኣይሰላም ኣብ ህዘቢ ትግራይ ይበፅሖ ዘሎ ማህሰይቲ ወሰን የብሉን::ስለዚ እዚ ፖሊሲ ኣይኩናት ኣይሰላም ብስሩ ጠቒሙና ዝብል እምነት ሒዝና ዲና እንቕፅሎ ዘለና? እስኪ ዕብየት ከተማታትን ዓዲግራት፣ ዛላምበሳ፣ ብዘት፣ እንትጮ፣ ዓድዋ፣ ራማ፣ኣኽሱም፣ ሽረ፣ ዓዲ ዳዕሮ፣ ሽራሮ፣ ባድመ፣ ሑመራ ወዘተ ዘለወን ኩነታት ሰላምን ፍሰት ኢንቨስትመንትን እንታይ ከም ዝመስል ክፍተሽን ዕልባት ክወሃበሉን ይግባእ:: እዚ ኣብ መንጎ ክልተ መወፃዕኦ ዘይብሎም ነገራት ተቐርቂረካ ምንባር ንህዝቢ ዝጠቅም ኣይኮነን:: ኣብዚ ህወሓት ብትሪ ክትሰርሕ ኣለዋ::